# ዕውት ህዝባዊ ኣኼባ
# ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ስቶክሆልም

*" ሕድገትን ተጻዋርነት፡ ቀጻሚይ መሳርሒና ይኹን" ኣ/መ ፈ.ሽ ወ/የሱስ ዓማር*

*' ካብ ናይ ታሪኽ እሱራት ምኽኣን ክንወጽእ ኣሎና "ም/ኣ/መ ፈ.ሽ ተስፋይ ደጊጋ*

ተሳተፍቲ ኣኼባ ካብ ርሑቕ ቦታታት፡ ክሳብ ናይ ሓሙሽተ ሰዓት ርሕቐት ተጓዒዞም፡ ካብ የቶቦሪ፡ ኦረብሩ፡ ኡፕሳላ፡ ኖርሾፒንግ፡ ከምኡ'ውን ከባቢታት ስቶክሆልም ዝመጹ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ገዳይም ተጋደልቲ፡ ኣባላት ኤ.ዲ.ኪ፡ ኣባላት ተቃወምቲ ሓይልታት፡ በርገሳዊ ማሕበራትን ዝርከብዎም ነበረ።

ካብ ማእከል እቶም ተሳተፍቲ፡ ገዳይም ተጋደልቲ፡ ከሊፋ ዑስማን፡ መሓመድ ብርሃን ብላታ፡ መሓመድ ኢብራሂም ሰክረተር፡ ክኾኑ እንከለዉ፡ ገገለ ካብ መሪሕነታት እዘን ዝስዕባ ውድባት'ውን ተኻፊሎም ነብሩ ኤ.ዲ.ፈ.ም ፍስሃጽዮን ናይር፡ ኣርሂ ሓምድ ናካ፡ ኤ.ዲ.ሰ ረዘነ ተስፋጽዮን፡ ተስፋይ ብርሃነ፡ ኤ.ህ.ም ኣልኣዛር ሓጎስ፡ ተስፋይ ስብሃቱ (ብርንጂ)፡ ግ.ሃ.ድ.ኤ ኣሕመድ ኢብራሂም ሰክረተር፡ ኤ.እ.ሰ.ንልምዓት ፍትሕን ዓብደልከሪም ሙስጣፋ፡ ኣባላት ሓትቲ ዑቕባ፡ ዲሞክራሲያዊ ሰቪላዊ ማሕበር ስቶክሆልም፡ ማሕበር ጃልያ ኤርትራ ወዘተ፡ ተረኺቦም ነበሩ።

ብዕለት 8 ጥቅምቲ 2006 ብኣቦ መንበር ወልደየሱስ ዓማር፡ ምክትል ኣቦ መንበር ተስፋይ ወልደሚካኤል ደጊጋ ዝተመርሐ፡ ክልተ ኣባላት መሪሕነት ብጸይቲ ገርገስ ነጋሽ፡ ብጻይ ኣንቶንዮ ተስፋይ ዝተረኽብሉ፡  ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ዝተኻየደ ህዝባዊ ኣኼባ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ዕውት ነይሩ። ነዚ ኣኼባ ዕውት ከብል ዝኽእል ከኣ ብዙሓት ረቋሕታት ነበሮ።

ኣኼባ ልክዕ ሰዓት $14^{00}$ ድሕሪ ቀትሪ ተጀሚሩ። ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ፡ ብብጻይ ገበረ ናሽሕ ኣቦ መንበር ሽማግለ ጨንፈር ሽወደን ቀሪቡ።

ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ንጸዋዒት ህዝባዊ ኣኼባ ስቶክሆልም ፡ ነቲ እዋናውን ኣብ ህዝብን ሃገርን ወሪዱ ዘሎ ኩልንተናዊ ጸገማት መፍትሒ ንምርካብ፡ ለውጢ ኣብ ኣገባብ ቃልሲ፡ ናይ ኣረእእያ ሓድነት ኣብ ደምበ ተቃውም ንምርግጋጽን፡ ውሳኔታት 6ይ ጠቅላል ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ንምግላጽ ልዑል ተገዳስነትን ኣድላይነት ከም ዝነበሮ ርእዩ።

ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ፡ ቅድሚ ናብ'ቲ ኣርእስቲ ቀንዲ ኣርእስትታ ምእታው፡ ነቲ ኩሉ ውሳኔታትን ዕማማት፡ ተቐሪቡ ዘሎ ስርሓት፡ ኣብ ዓወትን ፍረን መታን ክበጽሕ፡ ናይ እንካን ሃባን፡ ጽሮትን ሓድሽ ፖለቲካዊ ባህሊ ኣብ መንጎ ውድባት፡ ኣብ መንጎ ውድባትን ህዝብን ክምዕብል ከም ከም ዘለዎ ክገልጽ

እንከሎ፡ መተካእታ ዘይብሉ መሳርሒና ክኸውን ከም ዘለዎ ክብል መእተዊ መደረ ኣቕረበ።

ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር ብምቕጻል፡ ውሳኔታት 6ይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዝገለጸሉ እዋን፡ ኣብ ዘይማኩል ምሕደራ፡ ሕቶን ጉዳይ መሬትን ብዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂብሉን ኣቕሪቡን።

ኣብ ደንበ ተቃውሞ ዘሎ ትጽቢት ህዝብና ከይብርዕን፡ ደንበ ተቃውሞ ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ሃለዋት ክበራበር ኣበርቲዑ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ኣብ ዘብርሃሉ፡ እተን ብመደብ ዕዮታተን ዝቐራረባ ውድባት ናይ ሓባር መደባት ክሰርዓን ብሓባር ክሰርሓን ነቲ ዓወት ከም ዘቐላጥፎ ገሊጹ።

ቀጺሉ መንእሰያት ዘይትሓቁፍ ሃገር፡ መንእሰያት ዘይትእክብን ዘይትሕብሕብን ሃገር፡ ኣብ መወዳእታ ናብ ውድቐት ዝበጽሐት ሃገር'ያ። ምኽንያቱ መንእሰይ መጻኢ ወለዶ'ታ ሃገርን፡ እቲ ቀንዲ ፍልጠት፡ ሓይሊ፡ ሞተር ንሱ ስለ ዝኾነ። ቅድሚ ኩሉ ቆላሕታን ተገዳስነት ክግበረሉ ዘለዎ ኣካላ ሕብረተ ሰብ'ዩ ክብል፡ ብሰንኪ እዚ ዝረአ ዘሎ ኩነታት ህዝቢ ሎሚ ካብ ሃገሩ፡ ካብ ውድባቱን ካብ ገዛእ ነፍሱን ሃዲሙ ይርከብ።

ጉዳይ መንእሰያት ብዝምልከት'ውን ብተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ፍሉይ ቆላሕታ ተገይርሉ፡ ብደረጃ ውድብ ሓላፍነት ዝተሰከመ ሓድሽ ቤት ጽሕፈት ኣብ ጽፍሒ ፈጻሚት ሽማግለ ኣቑይሙ ይንቀሳቐስ ከም ዘሎን ስርሑ ከም ዝጀምረን ገሊጹ፡ ከምኡ'ውን ንጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ብማዕሪኡ ብተመሳሳሊ ምስ'ዚ ቤት ጽሕፈት ተኣሳሲሩ ክሰርሓሉ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።

ብጻይ ተፋይ ወልደሚካኤል፡ ሰላምትኡ ንህዝቢ ድሕሪ ምትሕልላፍ ኣብ ክልተ ነጥቢ ኣተኲሩ መግለጺ ከም ዝህብ ሓቢሩ። ንሱ ከኣ ኣብ ምምስራት ሰልፊ፡ ነጻ ዕዳጋ ብዝምልከት ነበረ።

እዚ መድረኽ ንሕና ርእይቶና ንህበሉን፡ ምሳካትኩም ሓቢርና ንመያየጠሉን ኣፍደገ ዘተ ንኽፈተሉን'ዩ። ኣብ'ዚ እነልዕሎ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ እትምርሓሉ'ና ክንዛረብ በለ።

ካብ ጉባኤና ክንወጽእ እንከሎና፡ ህዝብና፡ ደምበ ተቃውሞ፡ ውድብናን ዝረብሓሉ ውሳኔታት ሒዝና እንተወጻእና ዝብል ሓሳብ ወሲና'ና።

ብጻይ ወልደየሱስ ዓማር ክገልጾ ዝጸንሐን፡ እዚ ሕጂ ኣነ ዝዛረበሉ ዘለኹ ጉዳያት፡ ኣብ ሓሙሽተ መዓልቲ ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ ጥራሕ ካብ ሓሳብ ክሳብ ውሳኔ ዝበጽሐ ኣይኮነን። ዝጸድቐ ውሳነኢታትና ናይ ሓሙሽተ መዓልቲ ዕድመ ዝነበሮ ሓሳብ ኣይነበረን። ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ቅድሚ ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝወሰደ ግዜ፡ ብደረጃ ፍሉይ ናይ መጽናዕቲ ጉጅለ ንነዊሕ ኣዋርሕ መጽናዕቲ ክግበረሉ ዝጸንሐ'ዩ። ብካልእ ኣዘራርባ ውሳኔታት ጉባኤና ነዊሕ ናይ መጽናዕቲ መንገዲ ተጓዒዙ ኣብ'ዚ ክበጽሕ ዝኸኣለ ምንባሩ ንምብራህ'ዩ።

ሰልፊ ይኹን፡ ነጻ ዕዳጋ ኣብ ኤርትራ ይሃሉ ክንብል እንከሎና፡ ዋኒን ውድብና ጥራሕ ዘይኮነ ዋኒንን ጉዳይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ንርዳእን ንፈልጥን። እቲ ውሳኔታትና ከኣ ኣብ ህዝባዊ ኣተሓሳስባ ማእከል ዝገበረ'ዩ።

ነዚ ግዙፍን ርእዩን ለውጢ ንምምጻእ ግን ብመጀመርያ ነፍስና ክንቅይርን ክልውጥን ከም ዘሎና'ና ፈሊጥናን ተረዲእናን ክንብገስ ዘሎና። ታሪኽ ንመሃረሉ'ኳ እንተኾና፡ ካብ ናይ ታሪኽ እሱራት ምኻን ክንወጽእ ይግባኣና።

ዝሓለፈ ሓሊፍና፡ መጻኢ ዕድልና ክፉትን ነጻን ክንገድፎ'ምበር ብታሪኽ ክንኣስሮ የብልናን። መጻኢ ግዜና ነጻን ክፉትን እንተዘየገደፍናዮ ክንሕይልን ክንዓብን፡ ከም ውድብ፡ ከም ህዝብና፡ ከም ሃገርን ኣብ ብዙሕ መዳያት ክዕንቀፈና'ዩ።

ቅድሚ ሕጂ ሰልፊ ንምምስራት ኣብ ዝተገብረ ፈተን፡ እኹል ምቅርራባትን መጽናዕትን ንስለ ዘይተገረሉ ይትረፍ ንግዳም ገጹ ክትጥምትስ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ውድብ'ውን ክነዕውቶ መድረኽ ኣይሓገዘን።

ሕጂ ብጉጅለ መጽናዕቲ ጀሚሩ ክሳብ ውሳኔ ዝበጽሐ፡ ሓባራዊ ፡ ህዝባዊ፡ ምስ ዝቀራረባና ውድባት ሰልፊ ንምምስራት ኣብ ንብገሰሉ ዘሎና እዋን፡ ኩሉ ኣካላት ህዝብና ኣብ'ዚ ዝስምረት ሰልፊ፡ ካብ ደጋፊ ርእይቶ ምኻን ክሳብ ኣባል'ቲ ዝምስረት ሰልፊ ኮይኑ፡ ነቲ ናይ ሓባር ሽማግለ ብዝተፈለልየ መልክዕን ኣገባብ ተሳትፍኡ ከበርክት ዝኽእሉ መንገዲ'ዩ ክፉት ገዲፉ ምህላዉ'ዩ።

ካልእ ኣብ ነጻ ዕዳጋ ዘሎና ሓሳብ፡ ኣብ'ዚ እዋን ምስ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓን ኣቋውማ ሲሞክራሲያዊ መንግስቲ ዝዛመድ'ዩ ኢልና ንኣምን። ዘይምእኩል ዕዳጋ ምስ ዕብየትን መሰልን ኣህዛብ ዝዛመድ ምኻኑ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዝሃለፈ እዋና ዝነበረ ምእኩል ኣሰራርሓ ዕዳጋታት ምስራቕ ሃገራትን፡ ውድቐት ሶቭየተ ሕብረትን ተራእዩ'ዩ። ካብ'ዚ ፖለቲካዊ፡ ምጣነ ሃብታዊ ጸገማት ንምውጻእ፡ ነጻ ዕዳጋ ህዝብን ሃገርን ዝረብሓሉ፡ ድኻታትን ኣረጋውያንን ዝጥወርሉን ከቢድ ሓላፍነት ዝተሰከመ ኣሰራርሓ፡ ምስ ሃገርናን ትሕዝቶ ህዝብናን ዝተቀራርበ ፍታሕ ዝቀረብሉ ካብ ዝብል እምንቶ ዝተበገሰ'ዩ።

ነጻ ዕዳጋ ንፈርሓሉ ምኽናያት፡ ካብ'ቲ ንሕና ዝዓበናሉ ከባብን ኣተሕሳስባን ዝተመርኰሰ'ዩ። እቲ ኣተሓሳስብና ግን ምስ'ዚ ሕጂ ዘሎ ዝሰማምዕ ኣይኮነን።

በዚ መስረት ከኣ እቲ ንምስርቶ ሰልፊ፡ ንተሳትፎ ህዝቢ፡ ሕጋውነት ንምርግጋጽ፡ መሰላት ንምሕላው ዘኽእል፡ ንጉዳይ ሕቶ መሬት፡ ብፍትሓውን ሕጋውነትን መንገዲ ወነንት መሬት ክረጋገጽ ብቕዓት ዝውንነሉ፡ ከስርሕ ዘኽእል ውሳኔ ኣጽዲቕና ክብል መደረኡ ብምዝዛም እቲ ዕድል ንገዛ ኣመሓላለፎ።

ህዝቢ ዝተፈላልየ ሕቶታት ኣብ ዘቕረበሉ፡ ኣቐድም ኣቢሉ፡ ንዕውት ውሳኔታት ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ናይ መሬትን፡ ነጻ ዕዳጋን፡ ዘይምእኩል ምምሓዳራን፡ ከምኡ'ውን እዚ ሕጂ ኣብ መስርሕ ዝርከብ ምምስራት ሰልፊ መሳጢ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ፡ ብጭቡጥ መግለጺ ካብ ዝቀረበሉ ጉዳይት ምኻኖም፡ ኣቶም ተሳተፍቲ ኣኼባ ኣመስኪሮም። ካብ'ቲ ነዚ ጉዳይ ብጽሙና ሰሚዖም፡ ዘስተማቐርዎን፡ ንጉዳይ ፖለቲካዊ ፍታሕ ሃገርና ዓብይ ኣስተዋጽኦ ዘለዎ'ዩ ክብሉ ቃሎም ዘስምዑ፡ ኣባላት ዝተፈላለያ ውድባት፡ ኣባላት ኤ.ዲ.ኪ፡ ገዳይም ተጋደልትን ኣባላት ሲቪላዊ ማሕበርን ዝርከብዎም ነበሩ ።

ነዚ ህዝባዊ ኣኼባ ዕውት ካብ ዝገብሮ ከኣ፡ ኣብ ቁጽሪ ዝተመርኰሰ ገምጋም ዘይኮነን። ትሕዝትኡን፡ ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ሰፍሒ ተቐውባልነት ብምርኣዩን'ዩ። እዚ ድማ ብተደጋጋሚ ካብ ቃሎም ተሰሚዑ። ዓወት ተ.ሃ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዓወት ኩልና ምኻኑ ብምእማን፡ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ንበይና ክትዕውቶ ትኽእል ጉዳይ ከም

ዘየልቦ፡ እንታይ ደአ ሃባራዊ ኣሰራርሓን ምቕርራብን ዳግማይ ጉዳይና ኩልና ኮይኑ ክንሰርሓሉን፡ ኣብ'ቲ ንሰማማዓሉ ድማ ኣበርቲዕና ክንሰርሕን ክንደፍኣሉን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሓድነትና ኣደልዲልና ክንጓዕዝ ዕምሪ ምልካዊ ስርዓት ክንሰብር ከም ዘሎና ኣብ'ቲ ኣኼባ ገሊጹ ተራእየ።

ዓወት ንተቃላሰይ ህዝቢ ኤርትራ

10 ጥቅምቲ 2006
ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ
ጨንፈር ሸወደን